# መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ (BPR) ኣብ ትግበራ በጺሑ

ብደረጃ ክልል ዝርከባ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ በመሰረት ዘፅንፅዖ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ናብ ትግበራ ክኣትዋ ብዝወፀ ፕሮግራም ኣብ ምትግባር ይርከባ። እቲ ፈተነ ኣብ ኣርባዕተ ቦታታት ክልልና ዝካየድ ኮይኑ ካብ መፈለምታ ወርሒ መስከረም 2000 ዓ ም ጀሚሩ ናብ ትግበራ ተኣትዩ ኣሎ። ኣብ ሕድሕድ መፅናዕቲ ዘካየደት ቤት ፅዮ መንግስቲ ነቲ ዘፅነዐቶ ከይዲ ስራሕ መራሒ ዋና ከይዲ ስራሕ መዲባ ኮሚቲ ብምጥያሽ እቲ ስራሕ እና ተግበረኦ ከምዘለዋ ንምፍላጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

እቲ ምደባ ብመሰረት ዝወፀ ደንብን መምርሕን ክትግበር ክትትላት እናተገበረ ከምዝኾነን ዝርዝር ኩነታት ኣፈፃፅምኡን እናተገምገመ ምንቅስቓሳት ይግበሩ ከምዘለዉን ካብቲ ዝወፀ ትልምን ዝወሃብ ዘሎ ፀብፃብን ክንርዳእ ክኢልና ኢና። ኣብዚ ሐዚ እዋን ዳርጋ መብዛሕተአን መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ዝተግበራ ኣብያተ ፅዮ ኣብ መፅናዕቲ ዝተገበረለን ኣውራ ከይዲ ስራሕ ሰራሕተኛታት እናመደባ ይርከባ። ኣብ ክልልና 56 ኣውራ ከይዲ ስራሕን 10 ደገፍቲ ከይዲ ስራሕ ተፀነዮም ከምዝተወድኡ ይፍለጥ።

እዚ ምድልዳል ሰራሕተኛ ዝምልከት ካብሓደ መዓልቲ መስከረም ጀሚሩ እስካብ 7 መዓልቲ መስከረም ዝካየድ ኮይን ድሕሪ ምድልዳል ሰራሕተኛታት ድማ ስልጠና ክወሃብ እዩ። እዚ ስልጠና ካብ 9 መዓልቲ መስከረም 2001 ዓ.ም. ጀሚሩ እስካብ 16 መዓልቲ መስከረም 2001 ዓም ክውዳእ እዩ። ካብ 19 መዓልቲ መስከረም ድማ ኣብ ዝተመረፃ ከተማታትን ወረዳታትን ፈተነ ትግበራ ክካየድ ፕሮግራም ተታሒዙ ይርከብ።